# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ክብሮም ኣብ ማራቶን ሚላን ኣንጸባራቒ ዓወት ኣመዝጊቡ



ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሚላኖ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን፡ ኤርትራዊ ኣትለት ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዙ ነሓስ መዳልያ ተሸሊሙ።

ኡጋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሻምፕዮን ጉያ መሮር ኣፍሪቃ ዝተሳተፈ ክብሮም ኣብቲ ውድድር ምስ ሙሉ ዓንዶም እዩ ኣብ መወዳደሪ ቦታ ተረኺቡ። ሙሉ ሓደ ካብቶም ኑቲ ውድድር ክቀላጥፉ ካብ ዝተመዘዙ ኣትሌታት ብምዃኑ ድማ ክሳብ 30 ኪሎሜተር ጥራይ እዩ ኣብቲ ውድድር ጸኒሑ። ሙሉን ካልኦት ተመሳሳሊ ዕማም ዝነበሮምን ኣትሌታት ኑቶም ተወዳደርቲ ዝኣደ ግዜ ከመዝግቡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሮም። እቶም ኣትሌታት ን5 ኪሎሜተር ብ14፡59 ን10ኪሎሜተር ድማ ብ30፡30 ከምዝበጽሑ ገይሮም። ኣብ ዝሰዓበ ርሕቀት ግን ክብሮም ምስ ኬንያውያን ሓያል ጥምጥም ከካይድ እዩ ተራእዩ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ያፍ፡ ኣብቲ ንመበል 14 ግዜኡ ዝተኻየደ ውድድር፡ ክብሮም ንውድድሩ ብ2 ሰዓትን 11 ደቒቕን 12 ካልኢትን ብምዝዛሙ ሳልሳይ ክወጽእ እንከሎ፡ ኪፕሮፕ ፍራንሲስ ዝተባህለ ኬንያዊ ድማ ብ2፡08፡53 ቀዳማይ ኮይኑ። ካልእ ኬንያዊ ኣትለት ስቴፈን ኪፕከመን ድማ ብ2፡10፡41 ካልኣይ ደረጃ ሒዙ።

ክብሮም ኣብቲ ብማሕበር ኣትሌቲክስ ዓለም ናይ ነሓስ ደረጃ ዘለዎ ውድድር ዘመዝገቦ ግዜ፡ ብሉጽ (ናይ ውልቁ) ኮይኑ ተመዝጊቡሉ ኣሎ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ኮለን ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ማራቶን 2፡11፡56 ዘመዝገበ ክብሮም፡ ብሓፈሻ ኣብቲ ውድድር ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ብፍላይ ድማ ግዚኡ ከመሓየሽ ብምኽኣሉ ኣዝዩ ከምዝተሓጎሰ ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተዛሪቡ።

## ራብዓይ ዞባዊ ምርጫ ፌደረሽናት ስፖርት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ-ባሕሪ ተኻይዱ

ራብዓይ ዞባዊ ምርጫ ፌደረሽናት ስፖርት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ከተማ ዓሰብ ምቅንዑ ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ስፖርት ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀ/ባሕሪ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፡ ሓለቓ-ስታፍ እዚ ምብራቕ ብሪጋዴር-ጀነራል ሙሳ መሓመድ ራብዑ፡ ወከልቲ ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ፡ ሃገራውያን ፌደረሽናት፡ ወከልቲ ባይቶ፡ ሚኒስትሪታትን ሃገራውያን ማሕበራትን'ቲ ዞባን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ ዘስምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል ዕላማ'ቲ ዝካየድ ዋዕላን ምርጫን ኮሚሽን ስፖርት'ቲ ዞባን ፌደረሽናት ስፖርትን ክካይዳኦ ዝጸንሓ ንጥፈታትን ዝጸንሐን ሕጽረታትን ብምግምጋም ንዝጸፈፈ ውዳበን ዝሕግዝ ኣሰራርሓ ንምሕንጻጽ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንጥፈት ስፖርት ምስ ዓወትን ስዕረትን ክብን ለጠቕን ዝብል ኣካይዳን ሞራልን ሒዙ ክቕጽል ስለዘይብሉ ኩሎም ኣካላት ስፖርት'ቲ ዞባ ቀጻልነት ዘለዎ ዕቤት ንምርግጋጽ ብዝለዓለ ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

ኮሚሽነር ስፖርት'ቲ ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ሳልሕ ብወገኑ ኣብ ዘቕረቦ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ጸብጻብ ምንቅስቓስ ስፖርት ኣብ ምሉእ'ቲ ዞባ ንምርግጋጽ ክሳብ ታሕቲ ንኡሳን ዞባታት ዝኸይድ መሓውር ውዳበታት ተዘርጊሖ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምውህሃድ ስፖርት ኮማዊ ሰረት ሒዙ ብሰፊሕ ተሳታፍነት ናይ ህዝቢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሓሉ ባይታ ንምፍጣር ልዑል ጻዕሪ ክካየድ ምጽንሑ ገሊጹ። ብድሕሪ'ዚ ናይ ሸውዓተ ዓይነታት ስፖርት ፌደረሽናት ጸብጻባት ናብ ተጋባኣቲ ብዝርዝር ቀሪቡ ሰፊሕ ዘተን ምይይጥን ድሕሪ ምክያዱ ንምዕባለ ይሕግዙ'ዮም ዝበሃሉ ዝተፈላለዩ ለበዋታትን ርእይቶታትን ቀሪቦም። ገለ ካብቶ ዝቐረቡ ሓሳባት፥

- እቲ ዞባ ምስ ዘለዎ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣን ራሕቂ ቦታትን ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝካየዱ ንጥፈታት ስፖርት ዝጸንሐ ተሳታፍነት ዚያዳ ንምዕባይ ብደረጃ ሃገር ኩሉ መድያዊ ምድግጋፍ ክግበረሉ።

- ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ኣብ ስፖርት ንሕያልን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሱታፌኦን ንምዕባይን ክድፋኣሉ።

- ተካእቲ ካብ ታሕቲ ንምፍራይ ዝካየድ ስልጠናታት ልዑል ጠመተ ክግበረሉ ከምኡ'ውን ኣብ ውሱን ከባቢታት ጥራይ ተሓጺሩ ዝርከብ መሳለጥያታት ትሕተ ቕርጺ ስፖርት ኣብ ኩሉ ኩርናዓት'ቲ ዞባ ዝዋደደሉ ባይታ ክፍጠርን ሕጽረታት ናውቲ ስፖርት ፍታሕ ክናደየሉን ዝብሉ ይርከብዎም።

ወከልቲ ኣካላትን ክፍልታትን'ቲ ዞባ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕደራ ስፖርት ከድምዑ ዝተባህሉ ግዱሳትን ዞባ ዘሳተፈ መስርሕ ምርጫ ናይ ኣብ ስራሕ ዝጸንሑን ሓደስቲ ዝተተክኡን ኣካየድቲ ፌደረሽናት ስፖርት'ቲ ዞባ ድሕሪ ምክያዱ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ ዘስምዖ ናይ መዛዘሚ ቃል እቲ ጉባኤን ምርጫ ኣካየድቲ ስፖርትን ምክያዱ ንዝጸንሐ ሕጽረታትን ብልጫታትን ንምልላይ መጸኢ መደባት ንምስራዕን ሓጋዚ ምንባሩ ገሊጹ። ኩሎም ኣካላት ስፖርት ድማ ንምዕዋት ዞባዊ ንጥፈታት ስፖርት ብውህደት ክሰርሑ ብምልባው ኣብ ኩሉ ንጥፈታቶም ደገፍን ምትብባዕን ምምሕ/ዞባ ከምዘይፍለዮም ሓቢሩ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ ኢጋጣሚ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብቲ ዞባ ከም ስፖርታውያን፡ ኣለይቲን መራሕቲን ኣብ ምምዕባል ስፖርት ክጉብርዎ ብዝጸንሑ ልዑል ኣበርክቶ ብደረጃ ዞባ ኣፍልጦን ክብረን ንምሃብ ብኮሚሽን ስፖርት'ቲ ዞባ ዝተዳለወ ናይ ክብሪ ሽልማት ካብ ኢድ ዳይረክተር ቤ/ጽ ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ኣቶ መኮንን ኀይትኦምን ፕረዚደንት ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ኣቶ መሓሪ ተስፋይን ተቐቢሎም።

** ** **

## ማይተመናይ ተዓዊታ

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ፡ ማይተመናይ ንጎዳይፍ 2ብ1 ስዒራታ።

ኣብቲ ሰለስተ ጸወታታት ዝተሰርዖ ዕለት፡ ማይተመናይ ቅድምን- ድሕሪን ዕረፍቲ ካብ ሻም ፍስሃየ ብዝረኸበተን ሸቶታት ላዕለዋይ ኢድ ክትሕዝ ክኢላ። ንጎዳይፍ ድማ መመልሲ ገዛ እትኾና ሸቶ ሳይሞን ኣሰፋው እዩ ኣመዝጊብዋ።

ኣብ ካልኣይ ግጥም፡ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ሲቲ ሰንተር እያ ገጢማ። ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ሻዱሻይ ደቒቕ ካብ ኣማኑኤል ሳሙኤል ብዝረኸበታ ሸቶ መሪሕነት ብምሓዝ ኑቲ ግጥም ናብ ዕረፍቲ ኣምርሐቶ። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን መሪሕነታ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን። ኣብ መበል 53 ደቒቕ ፊልሞን ኣብርሃም ነታ ምዱብ ናይ ጸወታ ግዚኣ ብ10 ተጻወትቲ ዝዛዘመት ሲቲ ሰንተር ማዕሪ እትገብራ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

ሳልሳይ ጸወታ ኣብ መንጎ ደንደንን ሰገን ኮንስትራክሽንን እዩ ተኻይዱ። ሰገን ኣብ መበል 34 ደቒቕ ካብ ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር ብዝረኸበታ ሸቶ መሪሕነት ሓዘት። ንዕረፍቲ ድማ መሪሓ ወጸት።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ደንደን ጸወታ ንኽዛዘም ኣስታት ሸሞንተ ደቒቕ ምስ ተረፎ ማዕሪ እትገብራ ሸቶ ረኸበት - ብመገዲ ቢንያም ክፍላይ። ጸወታ ድማ 1ብ1 ተዛዚሙ።

ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ብግጥማት ዘዋሪት ዋንጫ ሎሚ መዓልቲ ክቕጽል እዩ። ተስፋ ምስ ሓርበኛ ከምእ ድማ ደንደን (ካልኣይ ዲቪዥን) ምስ ኣኽርያ ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ ጀሚሩ ክቕጽል እዩ።

## ቅድድም ብሽክሌታ

### ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ሎሚ ብናይ በረኻ ውድድር ክቕጽል እዩ

ክልተ መድረኻት ኣሰሳሲሉ ዝርከብ ውድድር ብሽክሌታ ንዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ብናይ በረኻ ውድድራት ክቕጽል እዩ።

በዚ ድማ ሎሚ ተቐዳደምቲ ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም ከረን በዚሖም ኣስመራ ክምለሱ እዮም። እዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ውድድር፡ ነዊሕ ርሕቀት ዝሸፍን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ተረርቲ ዓቐብ እውን ስለዝሸፍን ተቐዳደምቲ ክብደሁን ልዑል ውድድር ድማ ክርእዩን ግምት ኣሎ።

ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ከባቢ ሞኖፖልዮ ዝጀመረ ኮይኑ፡ ብቕድሚ ትማሊ ድማ ኣብ መስመር ሕምብርቲ ብውድድር ክሮኖ ሜተር ናይ ጋንታ ቀጺሉ ነይሩ።

110 ኪሎ ሜተር ኣብ ዝሸፈነ ውድድር ሞኖፖልዮ፡ ክብሮም መሓሪ ካብ ክለብ ዞባ ደቡብ ዕውት ክኸውን እንከሎ፡ ሚልዮን ኣማኑኤል - ሰምበል፡ ዮናስ ፍስሃየ - ኤሪተል፡ ዳዊት ሃይለ - ሰምበል፡ ኣሮን ደብረጼን - ኣስቤኮ፡ መኽሰብ ደበሳይ - ኤሪተል፡ ዮናስ ተከስተ - ኤሪተል፡ ሰለሙን ሃብተ - ኣስቤኮ፡ ኣማኑኤል መንግስተኣብ - ኤሪተል ከምኡ ድማ ሚኪኤል ሃብቶም - ሰምበል ክሳብ ዓስራይ ወጺኦም።

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ 40.5 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር ክሮኖ ሜተር ጋንታ ድማ ኤሪተል ንውድድራ ብ52 ደቒቕን 29 ካልኢትን 11 ንኡስ ካልኢትን ብምዝዛማ ቀዳመይቲ ክትኸውን እንከላ፡ ኣስቤኮ ብ53፡10፡29 ካልኣይቲ፡ ሰምበል ብ53፡30፡57 ሳልሰይቲ፡ ደቡብ ብ54፡21፡41 ራብዐይቲ ከምኡ ድማ ጀጋንተ ብ58፡29፡09 ሓሙሸይቲ ኮይና ውድድራ ፈጺማ።

## ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ውድድር ዙር ምዛንሲ . . .

ትማሊ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ዙር ምዛንሲ 2014፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ መርሃዊ ቅዱስ፡ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት (ክልቲኦም ካብ ኤምቲኤን)፡ መትከል እዮብን ተስፎም ዐቅባማርያምን ድማ ካብ ኣፍሪካን ሚክስድ ቲም ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻውዓይ ደረጃ ምሓዞም ትማሊ ኣማስያኡ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ብዩሲኣይ ናይ 2.2 ደረጃ ዘለዎ ውድድር፡ ቫን ረሰንበርግ፡ ኑቲ ናይ ትማሊ 140.3 ኪሎ ሜተር ውድድር ብ3 ሰዓትን 11 ደቒቕን 11 ካልኢትን ብምዝዛም ቀዳማይ ኮይኑ ተዓዊቱሉ። በቲ ውጽኢት፡ መርሃዊ ቅዱስ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዕድመ ቀዳማይ ብምዃን ጻዕዳ ማልያ ክወዲ በቒዑ ኣሎ። ኣብቲ ውድድር ካብ ሚክስድ ቲም - ሜሮን ተሾመ መበል 46 ደረጃ ሒዙ።

## ብቕድሚ ትማሊ ምሸት . . .

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ካልኣይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ቸልሲ ካብ ግምት ብዙሓት ሰባት ወጻኢ ንፒኤስጂ 2ብ0 ብምርታዕ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ፍርቂ ፍጻመ ሰጊራ።

ሹረልን ባን ንቸልሲ 2ብ0 ክትዕወት ብዘኽኣላ ሸቶታት ዘቑጸሩ እዮም። ኣብ ግጥም ቀዳማይ እግሪ 3ብ1 ዝተሳዕረት እታ ለንደናዊት ክለብ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ንልዳት ኣንጻር ጋንታኣ ደፊራ ብዝብል ሕጊ እዩ ናብቲ መድረኽ ዘሊላ።

ኣብቲ ግጥም ሓጎሱ ክጻወት ዘይከኣለን ካብ ቦታኡ ወጺኡ ናብ ተጻወትቲ ብምኻድ (ካልኣይቲ ሸቶ ምስ ተመዝገበት) ሓጎሱ ዝጸምበለን ሞሪኖ፡ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ክጻወት ከምዝብህግ ተዛሪቡ።

"ብዙሓት ካብ ደገፍትና ምስ ሪያል ማድሪድ ክንጻወት ኣይብህጉን እዮም። ኣነ ግና ምስታ ናይ ቅድም ጋንታይ እንተብጺሑኒ ኑቲ ግጥም ልዕሊ ማንም ሰብ ብወዲ ምተሳተፍክዎ - ምተሓጎስኩ ከኣ" ይብል ብቕድሚ ትማሊ ሞሪኖ ተዛሪቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተጻዋታይ ቸልሲ ኤዲን ሃዛርድ ኣብቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ጸወታ ብዘገጠሞ ማህሰይቲ ንኣስታት ሰለስተ ሰሙንቲ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ተዛሪቡ።

ኣብ ካልእ ጸወታ ናይ ምሸት፡ ዓባይ ክለብ ሪያል ማድሪድ ናብ ጀርመን ተጓዒዛ ኣብ ዘካየደቶ ተመሳሳሊ ግጥም 2ብ0 ተረቲዓ። እንተኾነ ኣብ ግጥም ቀዳማይ እግሪ 3ብ0 ብምዕዋታ ብድምር ውጽኢት 3ብ2 ናብ ዝቕጽል መድረኽ ክትሓልፍ ክኢላ ኣላ።



